*Mailing address: M.S. 32-936 – P.O. Box 34165 Seattle, WA 98124-1165*
*Web address*: http://www.seattleschools.org/area/advlearning/index.xml *Phone: 206-252-0130*

# ናይ ሓበሬታ ፓኬት

**ውላደይ ናይ ምዕቡል ምህሮ ፈተና ኪወስድ/ክትወስድ ብኸመይ ኪመርጽ ይኽእል ?** ወለዲ፣ መማህራን/ሰራሕተኛታትን ናይ ኮሚኒቲ ኣባላት ተመሃራይ ኪፍተን ኪመርጹ ይኽእሉ እዮም። ነገር ግን ፈተና ንምውሳድ ብወለዲ/መጉዚት ዝተፈረመ ቅጥዒ የድሊ እዩ። መማህራንን ናይ ኮሚኒቲ ኣባላትን ነቶም ኪመርጽዎም ዝደልዩ ተመሃሮ ወለዲ/መጉዚት እቲ ናይ ወለዲ/መጉዚት ቅጥዒ ክህብዎም ኣለዎም። ከምኡውን ናይ መምህር/ሰራሕተኛ ርእይቶ መሃቢ ቅጥዒ የድልይ እዩ። ክልቲኡ ቅጥዒ ኦክቶበር 8, 2009* ክምለስ ኣለዎ። *(ናይ ኪንደርጋርተን ተመሃሮ ጥራይ፡ ናይ መምህር/ትምህርቲ ሰራሕተኛ ርእይቶ መሃቢ ቅጥዒ ኖቬምበር 12, 2009 ኪወሃብ ኣለዎ። ናይ ወለዲ/መጉዚት ቅጥዒ ድማ ኦክቶበር 8, 2009 ኪወሃብ ኣለዎ።)

**ናይ መምረጺ ቅጥዒ ኣበይ ክረክብ ይኽእል ?** ናይ መምረጺ ማቴሪያላት ኣብ ቀዳማይን ማእከላይን ቤት ትምህርቲ ቤት ጽሕፈታት፣ ኣብ ባይሊንጓል ቤተሰብ ማእከልን ኣብ ጆን ስታንፈርድ ማእከል ዝርከብ ናይ መመዝገቢ ጣቢያታት ይርከብ እዩ። ማቴሪያላት ድማ ኣብዝቕጽል ዌብሳይት ይርከብ እዩ። www.seattleschools.org/area/advlearning/index.xml.

**ናይ መምረጺ ማቴሪያላት ናበይ እየ ዝመልሶ ?** እቲ ዝተመልአ ናይ ወላዲ/መጉዚት ናይ ፈቓድ ቅጥዒ ንቤት ትምህርትኹም ጸሓፊት ምለስዎ፡ ወይ ድማ ብቐጥታ ኣብ ላዕሊ ናብ ዘሎ ናይ ምዕቡል ምህሮ ቤት ጽሕፈት ልኣኽዎ። ነቲ ናይ ወላዲ/መጉዚት ናይ ፈቓድ ቅጥዒ ንመማህራን ኣይትሃቡ። መማህራን ነቲ ናይ መምህር/ሰራሕተኛ ርእይቶ መሃቢ ቅጥዒ ንናይ ቤት ትምህርቲ ጸሓፊ ኪህቡ ወይ ብናይ ቤት ትምህርቲ ፓስታ መልኣኺ ወይ ብፓስታ ቤት ክልእኹ ይኽእሉ እዮም። ናይ መምረጺ ቅጥዒታት ከምኡ ኣብ ጆን ስታንፈርድ ናይ ትምህርቲ ማእከል ብኣካል ብምኻድ ምሃብ ይከኣል እዩ። ኣድራሻ ድማ 2445 Third Ave. S እዩ። ፋክስ ዝተገብረን ብኢሜልን መሕተቲ ኣይንቕበልን ኢና። ናይ ግሊ ቤት ትምህርቲ ተመሃሮ ቤተሰብ ነቲ ማቴሪያላት ናብ ናይ ምዕቡል ምህሮ ቤት ጽሕፈት ምስ ናይ $90 ዶላር መሳለጢ ኪልእኽዎ ኣለዎም። ወይ ድማ ናብ ጆን ስታንፈርድ ማእከል ብኣካል ከምጽእዎ ይኽእሉ።

**ካብ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ክልል ወጻኢ ዝነብር እንተኾይነ ውላደይ ክፍተን/ክትፍተን ክመርጽዶ ይኽእል ?** ኣይከኣልን። ተመሃሮ ንኽፍተኑ ኣብ ውሽጢ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ክልል ኪቕመጡ ኣለዎም ወይ ድማ ኣብ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ዝመሃሩ ኪኾኑ ኣለዎም።

**ውላደይ ፈተና ዝገብረሉ መዓልቲ መኣስ ከምዝኾነዶ ኪሕበር እዩ ?** እወ። ፈተና ዝግበረሉ መዓልቲ ዝሕብር ደብዳበ ክለኣኽልኩም እዩ። ኣብ ፍርቂ ኖቬምበር ኣቢሉ ዝፍተኑሉ መዓልቲ ዝሕብር ደብዳበ እንተዘይበጺሕኩም ምስ ናይ ምዕቡል ምህሮ ቤት ጽሕፈት ተራኸቡ። ናይ ኣተሓሳስባ ፈተና(ኮግኒቲቭ) ኣብ ኦክቶበር መወዳእታን ኖቬምበር ስጋብ ፍርቂ ዲሰምበር ኪግበር እዩ። ናይ ፍረ እዮ(ኣቺቭመንት) ፈተና ድማ ኣብ ፍርቂ ጃንዋሪ 2010 ኪጠናቐቕ እዩ። ገሊኦም ኣብያተ ትምህርቲ ፈተና ዝግበረሉ ናይ ቀዳም ጊዜ ኣለዎም።

**ናይ ግሊ ቤት ትምህርቲ ተመሃሮ መኣስ እዮም ዝፍተኑ ?** ኣብዚ እዋን ኣብ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ዘይመሃሩ ተማሃሮ ቀዳም ኪፍተኑ እዮም። እቲ ፈተናታት ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርትታት ኪግበር እዩ። ናይ ፈተና መዓልትታትን ቦታን ዝሓዘ ናይ ቆጸራ ደብዳቤታት ድሕሪ ኦክቶበር 8 ዘሎ ገለ እዋን ብፓስታ ወይ ብኢሜል ክለኣኽ እዩ። ገሊኦም ተመሃሮ ክልተ ናይ ቀዳም ፈተና የድልዮም ይኸውን። እዚ ድማ ካብ ናይ ኣተሓሳስባ(ኮግኒቲቭ) ፈተና ውጽእቲ ተራእዩ ዚውሰን እዩ።

**ወለዲ ውላዶም ኪፍተን ከሎ ክዕዘቡ ይኽእሉ ድዮም ?** ኣይክእሉን። ነቶም ፈተና ዝወስዱ ተመሃሮና ኪሕውኽ ይኽእል እዩ። ተመሃሮ ዝዕዘቦም ሰብ ኣብዘይህልወሉ እዋን ዝበለጸ ዝሓሸ ይሰርሑ እዮም።

**ናይ ውላደይ ፈተና ውጽኢት መኣስ እየ ዝረኽቦ ?** ናይ መወዳእታ ናይ ብቑዕነት ውጽኢትን ናይ ፈተና ነጥብታትን ኣብ ጃንዋሪ 29, 2010 ከባኪ ኪለኣኽ እዩ። ናይ ፈተና ውጽኢትን ናይ ብቑዕነት ውጽኢትን ብደብዳበ ጥራይ እዩ ኪፈለጥ። ቅድሚኡ ብቴሌፎን ኮነ ብፋክስ ኣይግለጽን እዩ።

**ናይ መምርጺ ቅጥዒታት ዝወሃበሉ ጊዜ ኦክቶበር** 8, 2009

SEATTLE PUBLIC SCHOOLS

***TIGRIGNA***

**Advanced Learning**

*Mailing address: M.S. 32-936 – P.O. Box 34165   Seattle, WA  98124-1165*

*Web address*: http://www.seattleschools.org/area/advlearning/index.xml  *Phone:  206-252-0130*

**እንታይ ዓይነት ፈተናታት እዮም ዝወሃቡ ?** ኩሎም ተመሃሮ ናይ ኣተሓሳስባ ክእለቶም ዝዕቅን ፈተናታት(ኮግኒቲቭ ኣቢሊቲስ ቴስት) ኪወስዱ እዮም። ብተወሳኺ ናይ ምንባብን ቁጽርን ናይ ምጥራይ ፈተናታትውን ምናልባት የድልይ ይኸውን። ናይ ምጥራይ ፈተናታት ውጽኢት ካብ ናይ ዋስል(ኣብ ስፕሪንግ 2009 ዝተገብረ) ወይ ማፕ(ሜዥር ኦፍ ኣካዳሚክ ፕሮግረስ፡ ኣብ ቤት ትምህርትና ኣብ ናይ ፎል 2009 ዝወሃብ ሓድሽ ፈተና ክንጥቀም ንኽእል።) ናይ ቀረባ ናይ ምንባብን ቁጽርን ምጥራይ ፈተና ውጽኢት ኣብ ፋይሎም ዘይብሎም ተመሃሮ ውድኮክ ጆንሰን ኣቺቭመንት ቴስት(ኪንደርጋርተን ስጋብ 1ይ ክፍሊ)፣ ኣዮዋ ቴስት ኦፍ ቤዚክ ኢንግሊሽ(2ይ ስጋብ 7ይ ክፍሊ) ወይ ማፕ ፈተና ኪወሃቦም እዩ። ንናይ ስፔክትረም ያንግ ስኮላርስ ፕሮግራም(1ይ-2ይ ክፍሊ) ብቑዕ ንምዃን ናይ ኣቺቭመንት ፈተና ኣየድልዮምን። ንተወሳኺ ዝርዝር ብኽብረትኩም ዌብሳይትና ተወከሱ። [www.seattleschools.org/area/advlearning/eligtestcriteria.htm](www.seattleschools.org/area/advlearning/eligtestcriteria.htm)

**ናይ ምንባብን ቁጽርን ናይ ምጥራይ ፈተናታት ኣብ ግምት ክኣትው ምቕራብ ይከኣል ድዩ ?** ኣብዚ እዋን ኣብ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ዘይመሃሩ ተመሃሮ ኮይኖም ናብ ምንባብን ቁጽሪን ናይ ምጥራይ ፈተናታት ኣብ ቤት ትምህርቲ ኮይኖም ካብ ማርች 1, 2009 ዝወሰዱ ነጥቦም ክረኣየሎም ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም። ናይቲ ፈተና ነጥብታት ኣብ ናይ ምዕቡል ምህሮ ቤት ጽሕፈት ቅድሚ ዲሰምበር 16, 2009 ኪወሃብ ኣለዎ። ብብሄራዊ ደረጃ ተቐባልነት ዘለዎም ነጥብታት(ኣይቲቢኤስ፣ ኢኣርቢ) ወይ ናይ ዋስል ነጥብታት ጥራይ እዮም ተቐባልነት ዘለዎም። እቶም ዝወሃቦ ነጥብታት ናይቲ ተመሃራይ ናይ ፈተና መዝገብ ኪኸውን እዩ። ኣብ ክንዲ ናይ ኮግኒቲቭ ክእለት ፈተና ግን ኣይውሰዱን እዮም።

**ሓደ ተመሃራይ ብቑዕ ኣይኮነን እንድሕር ተባሂሉ ነቲ ውሳነን ይግባይ ኪብለሉ ዚኽእል ኣግባብ ኣሎዶ ?** እወ። ብዛዕባ ናይ ይግባይ ኣገባብ ዝምልከት ዝርዝር ዝኾነ ሓበሬታ ብዛዕባ ብቕዓት ዝምልከት ደብዳበ ኪህሉ እዩ። ከምኡውን ኣብ ናይ ምዕቡል ምህሮ ዌብሳይት ይርከብ። ናይ ግሊ መምዘኒታት ተቐባልነት ዘለዎም ኣብ ጊዜ ናይ ይግባይ ኣገባብ ጥራይ እዩ።

**ተመሃሮ ብቑዕነቶም ሒዞም ክጸንሑ ኣብ ዓመት ዓመት ኪፍተኑ ኣለዎምዶ ?** ኣብቲ ፕሮግራም ዝተመዝገቡ ተመሃሮ ከምእንደገና ክፍተኑ ኣየድልዮምን። ኣብ ናይ ኣክስሌሬትድ ፕሮግረስ ፕሮግራም(ኤፒፒ)፣ ኣብ ስፔክትረም ፕሮግራም ወይ ኣብ ናይ ኣድቫንስድ ለርኒንግ ኦፖርቹኒቲ(ኤኤልኦ) ቤት ትምህርቲ ዝመሃሩን ናይ ምዕቡል ምህሮ ናይ ምዕባለ ሪፖርት ዝረኸቡ ተመሃሮ ብቑዕነቶም ሒዞም ኪጸንሑ ከምብሓድሽ ኪፍተኑ ኣየድልዮምን እዩ። እዚ እቶም ካብ 5ይ ናብ 6ይ ክፍሊ ዝሰጋገሩ ተመሃሮውን ይምልከት። **ኣብ ናይ 2009-10 ፈተና ነቲ ፕሮግራም ብቑዕ ኮይኖም ዝተረኽቡ ተመሃሮ፡ ኣብቲ ፕሮግራም እንድሕር ዘይተማሂሮም ኣብ ናይ 2010-11 ከምብሓድሽ ኪፍተኑ ኣለዎም።** ነቲ ፕሮግራም ዘመልከቱ ተመሃሮን ነገር ግን ኣብ ተጸበይቲ ዝርዝር ዘለው ተመሃሮ ክናውሓሎም እዮ፡ ነገር ግን ንቀጻሊ ዓመት ናይ ክፉት ናይ ምዝገባ ጊዜ ቅድሚ ምዕጻው ኪምዝገቡ ኣለዎም ወይ ድማ ከምእንደገና ክፍተኑ ኣለዎም።

**ን 8ይ ክፍሊ ናይ ብቑዕነት ፈተና ኣሎዶ ?** የለን። ናብ ናይ ኢንተርናሽናል ባካሎሬት ፕሮግራም9ኣብ ሴልዝን ኢንግራሃምን ቤት ትምህርቲ ዝወሃብ) ንምእታው ናይ ብቑዕነት ፈተና ኣየድልን እዩ። ወይ ድማ ናይ ኣድቫንስድ ፕሌስመንት ትምህርትታት(ኣብ ትሸዓተ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትታት) ዝወሃብ ንምምሃር ፈተና ኣየድልን እዩ።

***ውላደይ ኣብ ናይ ግሊ ቤት ትምህርቲ እዩ። ናይ ተመሃራይ ታሴራ ቁጽሪ እንታይ ክጥቀም ኣሎኒ ?** ውላድኩም ቅድሚ ሕጂ ኣብ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ኪምዝገብ/ክትምዝገብ ወይ ንምፍታን ሓቲትኩም እንተኾይንኩም ፡ ውላድኩም ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ታሴራ ቁጽሪ ኣለዎ/ዋ። ናይ ግሊ ቤት ትምህርቲ ወለዲ ብዛዕባ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ታሴራ ቁጽሪ ፍልጠት ዘይብሎም ወይ ድማ ዘይብሎም ከምቲ ዘለዎ ከይመልኡ ክገድፍዎ ይኽእሉ እዮም። ሶሻል ሴኩሪቲ ቁጽርኹም ኣይትጽሓፉሉ።

***ኣብቲ ናይ መምረጺ ቅጥዒ ንምንታይ እዩ ዓሌት ዝተሓተተ ?** ናይ ሲያትል መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ታሴራ ቁጽሪ ኪወሃብ ከሎ ዓሌት ኣድላይ እዩ። ከምኡውን ታሴራ ገና ንዘይብሎም ኣድላይ እዩ። ውላድኩም ኣብ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ኣብዚ እዋን ዘይተመዝገብ/ት እንተኾይኑ/ና ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ታሴራ ቁጽሪ እንተዘይብሉ/ላ ብኽብረትኩም ካብዞም ቀጺሎም ዘለው ሓዲኡ ምረጹ፡ AI: ኣሜሪካን ኢንድያን ; AN ኣላስካን ኔቲቭ ; BL ብላክ Black; CH ቻይኒዝ; EI ኢስት ኢንድያን ; FI ፍሊፒኖ ; GY ጂፕሲ ; HA ሂስፓኒክ፡ ኤዥያን ወይ ፓስፊክ ኣይላንደር ; HB ሂስፓኒክ ብላክ ; HI ሂስፓኒክ ኢንድያን ; HWሂስፓኒክ ዋይት ; JN ጃፓኒዝ; KO ኮሪያን ; NA ኔቲቭ ኣሜሪካን ወይ ካልእ ኣላስካን ኔቲቭ ; OA ካልእ ኤዥያን ወይ ፓስፊክ ኣይላንደር ; SA ሳሞኣን ; SO ሳውዝኢስት ኤዥያን ; VI ቬትናሚዝ ; WH ዋይት.

**ናይ መምረጺ ቅጥዒታት ዝምለሰሉ ኦክቶበር(ጥቅምቲ) 8, 2009 እዩ**

**Advanced Learning**
*Mailing address: M.S. 32-936 – P.O. Box 34165   Seattle, WA  98124-1165*
*Web address*: http://www.seattleschools.org/area/advlearning/index.xml  *Phone:  206-252-0130*

**ምዕቡል ናይ ምህሮ ፕሮግራማትን ኣገልግሎታትን እንታይ እዮም ?** ምዕቡል ናይ ምህሮ ፕሮግራማት ውስብስብ ዝበለን ዝተፋጠነን ትምህርቲ ፍሉይ ህያብ ክእለት ንዘለዎም ተማሃሮ ዚወሃብ እዩ። ናይ ምዕቡል ምህሮ ተመሃሮ ካብ ኩሉ ዓይነት ባህሊ፣ ቋንቋን ማሕበረ-ቁጠባዊ ድሕረ ባይታ ዝመጹን ዝተፈላለየ ዓይነት ክእለትን ናይ ምጥራይ ጭብጥታት ኣለዎም። እዚኣቶም ዝተፈላለየ ፕሮግራማትን ኣገልግሎታትን ዘድልዮምን ንምርምር፣ ንምትዕጽጻፍ፣ ኣገዳሲን ናይ ምፍጣር ኣተሓሳስባን ዘተባብዕ ሃዋህው ዘድልዮም እዮም።ናይ ምዕቡል ምህሮ ቤት ጽሕፈት ናይ ምዕቡል ምህሮ ፕሮግራማት/ ብቁዕነት ምፍታንን ናይ ኮሌጅ ቦርድ/ምዕቡል ምደባ ፈተና የመሓዳድር እዩ።

| ፕሮግራም | ክፍሊ ደረጃታት | ብቁዕነት ፈተና | ካሪኩለም(ስርዓተ ትምህርቲ) |
|---|---|---|---|
| ምዕቡል ናይ ምህሮ ዕድላት (ALO) | 1-8 | ኣየድልይን | ኣብ ምንባብን ቁጽርን ዕሙቕ ዝበለን ቅልጡፍን ስርዓተ ትምህርቲ ይህብ |
| ስፔክትረም ያንግ ስኮላርስ | 1-2 | እወ | ኣብ ምንባብን ቁጽርን ቅልጡፍ ስርዓተ ትምህርቲ( ብፍላይ ካብቲ ዘለውዎ ክፍሊ ደረጃ ብሓደ ዓመት ክብ ዝበለ) |
| ስፔክትረም | 3-8 | እወ | ኣብ ምንባብ(እንግሊዝኛ ስነጥበብ) ቁጽርን ቅልጡፍ ስርዓተ ትምህርቲ( ብፍላይ ካብቲ ዘለውዎ ክፍሊ ደረጃ ብሓደ ዓመት ክብ ዝበለ) |
| ኣክሰሌሬትድ ፕሮግረስ ፕሮግራም (APP) | 1-8 | እወ | ኣብ ምንባብ(እንግሊዝኛ ስነ ጥበብ) ቁጽርን ኣብ ናይ ተመሃሮ ድሌት መሰረት ቅልጡፍ ስርዓተ ትምህርቲ ( ብፍላይ ካብቲ ዘለውዎ ናይ ክፍሊ ደረጃ ብክልተ ዓመት ክብ ዝበለ) |
| ኢንተርናሽናል ባካላውሬት | 9-12* | ኣየድልን | ዕሙቕ ዝበለ (ሪጎረስ) ናይ ካልኣይ ደረጃ ስርዓተ ትምህርቲ፡ ዓለም ለኻዊነት ትሕዝቶ ብዘለዎ ፕሮግራም ዝተዳለውን ንኮሌጅ ነጥቢ ንምርካብ ዘኽእል |
| ኣድቫንስድ ፕሌስመንት | 9-12* | ኣየድልን | ብናይ ኮሌጅ ቦርድ ዝወሃብን ኣብ ኮሌጅ ነጥቢ ኪወሃብ ዝገብር ዕሙቕ ዝበለ ናይ ካልኣይ ደረጃ ስርዓተ ትምህርቲ |

*ናይ ካልኣይ ደረጃ ፕሮግራማት ንምርካብ ናይ ብቑዕነት ፈተና ኣየድልን እዩ። ን 8ይ ክፍሊ ተመሃሮ ድማ ፈተና የለን።

**ንውላደይ መሪጸ ካብዞም ፕሮግራማት ክፍተን/ክትፈተን ኪገብር ይኽእል ድየ ?** ክትመርጹ ከለኹም ኣብ ግምት ከተእትውዎ ዝግብኣኩም ዝርዝር ባህርያት ቀጺሎም ተረቑሖም ኣለው።

**ናይ ምዝራብ ክእለት**
- ✓ ንዕድሜኡ/ኣ ምዕቡል ዝኾነ ቃላት ኣለዎ/ዋ
- ✓ ብቀጻልነት ዝዛረብን ሕቶ ምሕታትን ባህርይ ኣለዎ/

**ናይ ኣተሓሳስባ ክእለት**
- ✓ ናይ ምፍጣር ክእለትን ብዙሕ ሓሳባትን ኣለዎ/ዋ
- ✓ ንሕቶታት ብዙሕ ግሩም ዝኾነ ፍታሓት ኪህብ/ክትህብ ይኽእል/ትኽእል

**ናይ ምምሃር ባህርያት**
- ✓ ሓበሬታታት ቀልጢፉ ይርዳእ/ትርዳእ፣ እቲ ዝተመሃሮ ይዝክር/ትዝክር
- ✓ በዳሂ ኣብዝኾኑ ነገራት ኪዓይ/ክትዓይይ ይደሊ/ትደሊ፣ ልሙድ ንዝኾኑ ዕዮታት ከይውድእ/ከይትውድእ ይኽእል/ትኽእል፡ ምኽንያቱ ድማ ኣብቲ ንሱ/ሳ ብዝበለጸ ኣገዳሲ እዩ ዝብሎ ፕሮጀክት ጊዜኡ/ኣ ምጥፋእ ስለዝደሊ/ስለትደሊ

**ባዕልኻ ምግባስ**
- ✓ ኣብ ገሊኡ ዓይነት ትምህርቲ/ፕሮጀክት ብጣዒ ድሌት የርኢ/ተርኢን ኩሉ ሳብ ኣብኡ ኪሰርሕ ይደሊ/ትደሊ
- ✓ ዕዮ ንምፍጻም ብዙሕ መምርሕታት ኣይደልን። ባዕሉ/ላ ኪፈልጠ ይደሊ/ትደሊ

**ማሕበራውን-ስምዒታውን ዕቤት**
- ✓ ብዛዕባ ካልኦት ስምዒት ግዱስ እዩ፡ ከምኡውን ብዛዕባ ፍትሓውነት ይግደስ/ትግደስ
- ✓ ጌጋ ኪርከብ ዘይደሊ ኪኸውን ይኽእልን ወይ ድማ ብጌጋታት ቀልጢፉ ይባሳጨው
- ✓ ካብ ዕድሚኡ ንላዕሊ ወይ ዓበይቲ ሰባት ጊዜ ከሕልፍ ይመርጽ

**ምንባብ**
- ✓ ብርቱዕ ኣንባቢ እዩ፣ ካብቲ ዘለዎ ክፍሊ ደረጃ ዝለዓለ የንብብ/ተንብብ ወይ ኣብ ፈለማ ዕድመ ቀልጢፉ የንብብ/ተንብብ

**ናይ ቁጽሪ ክእለት**
- ✓ ብዛዕባ ቁጽሪ ኣዝዩ ተገዳስነት የርእይ/ተርኢ፣ ካብቲ ዘለዎ ክፍሊ ደረጃ ዝያዳ ብቁጽሪ ይዓይን ወይ ኣብ ፈለማ ዕድመ ብዛዕባ ቁጽሪ ተገዳስነት የርእይ/ተርእይ

**ንተወሳኺ ሓበሬታ ብኽብረትኩም ንዌብሳይትና ተወከሱ**
http://www.seattleschools.org/area/advlearning/index.xml

**_TIGRIGNA_**

**Advanced Learning**

*Mailing address: M.S. 32-936 – P.O. Box 34165   Seattle, WA  98124-1165*

*Web address*:  http://www.seattleschools.org/area/advlearning/index.xml  *Phone:  206-252-0130*

# ናይ ወለዲ/መጉዚት ናይ ፈቓድ መሕተቲ ቅጥዒ

**(ቅድሚ ኩሉ ዓይነት ፈተናታት ምግባር ዝተፈረመ ናይ መምረጺ ቅጥዒ ከድሊ እዩ።**

| | |
|---|---|
| ናይ ተመሃራይ ኣቦ ሓጎ/ ላስት ኔም      መጸዋዕታ ስም      ስም ኣቦ/ሚድል ኔም | ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ታሴራ ቁጽሪ # (ኣድላይ)* |
| ናይ ወላዲ/መጉዚት ስም(ብኽብረትኩም ጽሓፍዎ) | ክፍሊ ደረጃ (09-10) |
| ናይ ገዛ ኣድራሻ      ዚፕኮድ | ሕጂ ዝከታተለሉ/ ቤት ትምህርቲ  (09-10) |
| ቴሌፎን ቁጽሪ | ዕለተ ልደት |
| ናይ ኢሜል ኣድራሻ | ጾታ |
| ውላድኩም ከምቲ ኣብ ናይ ብሕቲ ፕላን(ኣይኢፒ) ወይ 504 ፕላን ከምዝተሓበሮ ፍሉይ ናይ ፈተና ምምሕይያሽ እንተድልይዎ/ዋ ኣብዚ ምልክት ግበሩ። ነቲ ናይ 504 ፕላን ኮፒ ቅድሚ እቲ ፈተና ናብቲ ላዕሊ ዘሎ ኣድራሻ ስደድዎ። ☐ | ኣብ ገዛ ብቀዳምነት ዝዝረብ ቋንቋ |
| ውላድኩም ኣብ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ቅድሚ ሕጂ ንምዕቡል ትምህርቲ ፕሮግራም ተመሪጹ/ጻን ተፈቲኑን ይፈልጥ/ትፈልጥዶ ?  እወ __ ኣይፈልጥን/ኣይትፈልጥን ___    መልስኹም እወ እንተኾይኑ ኣበየናይ ዓመት ? | ዓሌት * |

***ናይ ሲያትል መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ተመሃሮ ወለዲ/መጉዚት :***

ውላደይ ብናይ ምዕቡል ናይ ምህሮ ፕሮግራም ኪፍተን/ክትፍተን ፈቓድ ይህብ። ንኹሎም ተመሃሮ ናይ ኣተሓሳስባ(ኮግኒቲቭ) ክእለቶም ክፍተኑ እዮም። ከምኡውን ናይ ትምህርቲ ምጥራይ(ኣቺቭመንት) ፈተና ኪወሃብ እዩ። ንምፍላይ፣ ንፕሮግራም ኣማራጺታትን ንናይ ይግባይ ኣገባብ መግለጺታት ተዋሂቡኒ እዩ። (WAC 392-170-047).

ፊርማኹም ________________________________________________   ዕለት ________________

***ናይ ግሊ ቤት ትምህርቲ ወለዲ/መጉዚት :***

ውላደይ ብናይ ምዕቡል ናይ ምህሮ ፕሮግራም ኪፍተን/ክትፍተን ፈቓድ ይህብ። ንኹሎም ተመሃሮ ናይ ኣተሓሳስባ(ኮግኒቲቭ) ክእለቶም ክፍተኑ እዮም። ከምኡውን ናይ ትምህርቲ ምጥራይ(ኣቺቭመንት) ፈተና ኪወሃብ እዩ። ንምፍላይ፣ ንፕሮግራም ኣማራጺታትን ንናይ ይግባይ ኣገባብ መግለጺታት ተዋሂቡኒ እዩ። (WAC 392-170-047).

ፊርማኹም ________________________________________________   ዕለት ________________

**(ሕጂ ኣብ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ዘይመሃሩ ተመሃሮ ወለዲ ናይ መሳለጢ፡ ዘይምለስ $ 90 ቼክ ሓቢሮም ክልእኹ ኣለኦም።)**

ፊርማ የድሊ እዩ  WAC 392-170-04

*ኣብ ገጽ ክልተ ዘሎ ናይ ሓበሬታ ፓኬት ብኽብረትኩም ርኣዩ።

**ንኹሎም ክፍሊ ደረጃታት ናይ ወለዲ/መጉዚት ፈቓድ መሃቢ ቅጥዒ ዝምለሰሉ ጊዜ ኦክቶበር 8, 2009 እዩ።**
**ናይ ፈቓድ መሃቢ ቅጥዒ ኣብ ጆን ስታንፈርድ ናይ ትምህርቲ ማእከል መጺኹም ክትህቡ ወይ ድማ**
**ናብ ናይ ምዕቡል ምህሮ ቤት ጽሕፈት ብፖስታ ክትልእኽዎ ትኽእሉ ኢኹም።**
**ሕጂ ኣብ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ዝመሃሮ ተመሃሮ ነቲ ቅጥዒ ናብ ናይ ቤት ትምህርቶም ቤት ጽሕፈት ክመለስ ይከኣል እዩ።**